# <u>ገለ ካብ ተዘክሮ ገድሊ።</u>

ኣብ 1977 ዓ.ም.ፈ. ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝህንደደሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ውድባት ኤርትራ ሰብኣዊ ሓይለን ንምድልዳል መንእሰያት ከሰልፋ ብኹሉ ሸነኻት ተዋፈራ። ብኻልእ መዳይ ከኣ ደርጊ ብሓይሊ መንእሰያት ኤርትራ ጸረ ሰውራ ኤርትራ ከኽትቶም ሰለ ዝተበገሰን ወዶ ገባን መልሻ ስርናይን እናኣዋፈረ ህዝቢ ከንከላብት ክቐትልን ስርሒይ ኢሉ ስለ ዝተታሓዞ፣ ገድሊ ጽዑቕን ቁልጡፍን ስጉምቲ ክወስድ ተገደደ። ፈትዩ ዝሰለፍ መንእሰይ እኳ እንተነበረ ግን ምስቲ ናይ ደርጊ ምሽብሻብ እቲ ቁጽሪ እኹል ስለ ዘይነበረ ብሃገራዊ ጻዊዒት (ግፋ) ዝፍለጥ ወፍሪ ኣብ ኩሉ ሸነኻት ሃገርና ተኻየደ። እዚ ዘይበሃል ቁጽሪ መንእሰይ ኣብ ኩሉ መደበራት ታዕሊም ድማ ተኣከበ። መብዛሕትኡ ብሃገራዊ ጻዊኦኢት ዝተሰለፈ መንእሰይ ካብ ገጠራት ኤርትራ'ዩ ኔይሩ። ምኽንያቱ ገድሊ ኣብ ከተማ ኣትዩ ጻዊዒት ወይ ግፋ ክገብር ስለ ዘይክእል።

ሕጂ ኣብ ሓንቲ መደበር ታዕሊም ዘጋጠመ ዕላል'የ ከዕልለኩም። እቲ ዓመተ ምህረት ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ከምዘሎ 1974 ኔሩ። ወርሓቱ ኣብ ወርሒ ሸውዓተ ናይ ሃሩር ግዜ፣ ቦታ ኣብ ባርካ እዩ። ሓደስቲ ተዓለምቲ እቲ ዘድሊ መላለዪ ቦታን ኩነታት ክለማን ምስ ተገልጽሎም ብቐጥታ ኣብ ኩነታት ፖሎቲካውን ወተሃደራውን ታዕሊም ኣምርሑ ። ብኡ መሰረት ከኣ እቲ መደብ ተጀመረ። ኣብዛ መደበር ታዕሊም ብውሑዱ ክሳብ 300 ኣቢሎም ዝኾኑ ተዓለምቲ ነበሩ። ኣብ ሜዳ እቲ ቀዳማይ ዝጓነፈካ ጸላኢ ቁማል'ዩ። ብፍላይ ኣብ ከም ባዓል ባርካ ቁማል ብብዝሒ እዩ ዝፋረ። ነዚ ንምክልኻል ተዓለምቲ ቀትሪ ክዳውንቶም ኣብቲ ብሙቐት ዘቃጽል ሑጻ ባርካ ይቐብሩዎሞ እቶም ቁማል ሓሪሮም ይሞቱ። ለይቲ እንደገና ካልኦት ፈርዮም ይሓድሩ ። ከምዚ እንዳበሉ ከረባረቡ ድሕሪ ምጽናሕ፡ እቲ ሓላፊ ናይታ መደበር ታዕሊም ሓደ ነገር ተገንዘበ። ንሱ ከኣ እዞም ቁማል ቀትሪ ብጸሓይ ኑዲዶም ካብ ተወዳኡ፡ እቶም ንጽባሒቱ ዝፈርዩ እቶም ኣብ ጨግሪ ርእሲ ታዓለምቲ ተሓቢኦም ዝውዕሉ ምዃኖም ፈለጠ። በዚ መሰረት ከእ ንኹሎም ጮግሪ ርእሶም ከም ዝላጸዩ ገበረ። በዚ በሊሕ ሓሳብ ኩሎም ካብ ኩናት ምስ ቁማል ተጋላገሉ።

እቲ ወተሃደራውን ፖሎቲካውን ኣስተምህሮ በብማዓልቱ እናተዋህበ መደባት ቀጸለ። መቸስ ኩሉ ግዜ ድሕሪ ዝኾነ ኣስተምህሮ ምሃብ፣ ዘይበርሀ ወይ ሃድሽ ሃሳባት ወይ'ውን ሕቶ ምስ ዝህሉ ምሕታት ሉሞድ'ዩ። ሓደ ረፍዲ እቲ ፖሎቲካዊ ዘስተምህር ዝነበረ ካድር ከም ልሙድ መደቡ ንኹሎም ኣኪቡ ብዛዕባ መቦቆል ህዝቢ ኤርትራ ኣስተምሃረ። ድሕሪ ኣስተምህሩኡ ምጭራስ ፣ ነቲ ገዛ (ነቶም ተዓለምቲ) ዘይበርሃሎም ወይ ሕቶ እንተለዎም

ክሓቱ ዕድል ሃበ። እንተኾነ መብሪ ዝደሊ ወይ ሕቶ ዝሓትት ኣይተረኸበን። ወዮ ካድር እሞ መብሪሂ ወይ ሕቶ ካብዘይህሉ ኩሉኹም ተረዲኡኩም ማለት'ዩ ኢሉ ጣቂዒት ጀመረ'ሞ ኩሎም ምሳኡ ኣጣቐዑ። ብምቕጻል ንሱኹም ሕቶ ካብዘይ ሃለወኩም ኣነ ሕቶ ኣሎኒ'ሞ ክሓተኩም ብምባል ሕቶኡ ከምዚ ኢሉ ሓተተ።

እዞም ሎሚ ኣብ ጋሽ ሰፈሮም ዘለዉ ቢሔረ ኩናማን፤ ኣብ ሞንራይብ ዘለዉ ቢሄረ ናራን፡

1. መቦቐሎም ካበይ ዝመጹ'ዮም?
2. ኣብ ኤርትራ መዓስ ኣትዮም?
3. በየን ገርም ከ መጺኦም ? ኢሉ ሓተቶም። ኢድ ዊጥ ዘብል ተሳእነ። እምበኣር ኢድ ዘልዕል ካብ ተሳእነ ኣነ ባዕለይ ከመልከት'የ በለ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩልኩም ኩሎም ጮግሪ ርእሶም ተላጽዮም ስለ ዝነበሩ፣ ግን ሓደ ካብ ኩሎም ብርክያሞ (ሕብራዊ ፈትሊ) ዝተሰርሔት ኮብዕ ዝገበረ ነበረ'ሞ፣ ዎዮ ካድር በዓል ኮብዕ ኢሉ ነተን ሕቶታት ደገመን'ሞ መልስ በሎ።

ተሓታታይ ዝምልሶ ነገር ስለ ዘይነበሮ፣ <u>**ኣነ ድኣ ሹዑ ንሶም ክመጹ ከለዉ ኣይተወለድኩን ከመይ ገረ ክፈልጦ ክብል መለሰ።**</u> ዎዮ ካድር ኣጣቑዑሉ ሓቂ'ዩ፡ ከምዚ ንሱ ዝበሎ ኣሸንኳይዶ ንሕናስ ኣቦታትናውን ኣይትወዱልን ኔሮም ግን ቕንዕቲ መልሲ ኣይኮነትን በሎም። ንዕኡ ካብቲ እኩብ ኣውጺ መቕጻዕትኻ ክልተ ጀሪካና ማይ ንጋንታኻ ውረደላ ካልኦት ግን በጥበሉ ካብ ዘሎኩሞ ክሳብ እቲኣ ብምምልካት ወተሃደራዊ መቕጻዕቲ ከፍሑኹ ኣዘዘም።

እዚ ጹሑፍ"ዚ ከም ዕላል ናይ ሓንቲ መደብር ታዕሊም ሰውራን ኣብኣ ዝነመሩ ተዓለምቲ (ተጋደልቲ ) ጥራሕ ኣይኮነትን ተዘንቱ። ብሓደ ወገን ኩነታት 1977 ብወገን ኢትዮጵያ ዝነበረ ምሽብሻብ ንጥፍኣት ሶውራናን ሕዝብናን፤ መንእሰያትና መዝሓል ጥይት ክገብሮም ዘካይዶ ዝነበረ ዘመተን፣ ኣሉታዊ ተግባራት ወዶ ገባን መልሻ ስርናይ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘውረዱዎ ግፍዕን። በቲ ካልእ ወገን ከኣ ሰውራ ኤርትራ ገድሉን ህዝቡን ንምድሓን፣ ትልምታት ጸላኢ ከይተበገሰ ንምብርዓን፣ መንእሰያት ኤርትራ መጋበሪያ ደርግ ካብ ምኳን ምድሓን ዝተጻወቶ ግደ የምልከት። ኮምኡ'ውን ኣብ ሜዳ ዝነበረ ምረትን ብድሆታትን ተጋዳላይ ንህዝባዊ ራህዋን ሃገራዊ ነጻነትን ዝተሓልፈ ቃልስታትን ተዘንቱ።

ኣብ መደምደምታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ታሪኽና ክንፈልጥ ምዕባለታት ሃገርናን ወፍርታቱን ክንከታተል ክንሳተፍን፣ ጽባሕ ንጉሆ ሕቶ ምስ ዝመጽእ ኣይተወልድኩን፣ ኣይነብርኩን ኣይሰማዕኩን ኣይተነገርኩን ወዘተ ... ዝብል ኣባሃህላ ቦታ ኣይክህልዎን'ዩ። እቶም ኣነ እኳ ኢለ ኔረ፣ ግን ብባዓል ኩስቶ ተዓብሊለ እምበር ዝብሉ፣ ኣባሃህልኦም ካብ ሓሶት ሓሊፉ

ካልእ ክኸውን ስለ ዘይክእል ምምካቶምን ምግላጾምን ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሃናጽን ተኸላኻሊ ክብሪ ሃገሩን ሃላፍነት'ዩ።

ምስጋና ነተን/ቶም ኩለን/ኩሎም ኣብ ሰውራታት ኤርትራ ምእንቲ ቅኑዕ ዓላማ ዝተሰዉኣ/ኡ ጀጋኑ ኣሓትናን ኣህዋትናን፣ ነዞም ለይትን ማዓልትን ሃገር ኣብ ምክልኻልን ምህናጽን ተጸሚዶም ዘለዉ ምክልኻል ሓይልታትናን ሓፋሽ ህዝብናን፣ ነዞም ብድሆ ኢሎም ተንኮላትን ሽርሕታትን ዓመጽቲ ዝምክቱን ዘፍሽሉን፣ ሕድሪ ሰማእታትናን ቃልሲ ጀጋኑና ዝወርሱ ዘለዉ መንእሰያትናን።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት ኤርትራ።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።